**ዘለኩም ሪኢቶ ኣብ ኢሜል - amahahk@gmail.com ፀሓፉላይ፡፡**

# ግዳማዊ ርክብ ወፃኢ (Para-diplomacy)

## መእተዊ

ርክብ ወፃኢ መብዛሐቲኡ ጊዜ ብማእኸላይ መንግስቲ ዝምራሕ ዋላ እንተኾነ ኣብዚ ሓዚ ዘለናሉ ጊዜ ድማ ምስ ምምዕባል ተዋሳእቲ ኣብቲ ዓለም ለኻዊ መድረኽ ካብ ማእኸላይ መንግስቲ ንታሕቲ ዝርከቡ ኣወዳድባታት ማለት እውን ክልላት/ፌዴሬሽናት/ግዝኣታትን ወዘተ ከም ኣስያይማ እተን ሃገራት ዝዋሰእሉ ኩነታት ከምዘሎ በዚ ዘርፊ ምርምር ዝገበሩ ምሁራን ይሕብሩ እዮም፡፡ እዚ ዓይነት ዓለም ለኻዊ ተዋስኦ ክልላት ወይ ድማ ግዝኣታት ኣብ ዘይምእኹልን ምእኹል ምሕደራ ዘለወን ሃገራት እውን ዝትግበር እንተኾነ እተን ክልላት ወይ ድማ ግዝኣታት በቲ ማእኸላይ መንግስቲ ንምጥማር ዘተኣሳስረን ሕጊ ማእኸል ገይረን ናይ ወፃኢ ርክብ ይገብራ እየን፡፡ እዚ ድማ ብማእኸላይ መንግስቲ ጥራሕ ወኒኑ ዝሕዞ ስልጣን ከይኸውን ከከም ሃገራተን ዘለወን ውሽጣዊ ፖቲካዊ ምንቅስቓስ ዝገብረኦ ርክብ ወፃኢ ይፈላለ እዩ፡፡ ሓደሓደ ክልላት፣ ፌዴሬሽናት ወይ ድማ ግዝኣትት እቲ ማእኸላይ መንግስቲ ንፖለቲካው፣ ኢኮኖሚያዊን ማሕበራዊ ድሌተን ኣብ ምፍፃም ዘርእዮ ድኽመት ወይ ድማ ኣንፃር ድሌተንን ረብሓአንን ኣብ ዝንቀሳቐሰሉ ጊዜ ድኽመቱ ከመዓራሪ ወይ ድማ ዘለወን ፖለቲካዊ ሽቶ ዕላዊ ገይረን ካብቲ ዝነበረን ፌዴሬሽን ንከወፃ ምንቅስቓስ ይገብራ እየን፡፡ በዚ መሰረት ድማ እዚ ዓይነት ምንቅስቓስ ኣብ ዝህልወሉ ጊዜ እተን ፌዴሬሽናት ኣብ ህዝቢ ንህዝቢ ርክባት.፣ምንቅስቃስ ዳያስፖራ፣ ንግዲ፣ ቱሪዝምን ባህልን ፣ኢንቨስትመን፣ ናይ ልምዓት ፋይናንስ ምትእልላሽ (ልቓሕን ሓገዝን) ከምኡ ውን ናይ ሞያን ክእለትን ድጋፋት ኣብ ምትእልላሽ ይሰርሓ ዋላ እንተኾና ኣብ ሓደሓደ ፌዴሬሽናት ድማ ክሳብ ኣብ ወፃኢ ውክልና ቤት ፅ/ት (ሚሰዮን) ዝኸፍታሉ ኹነታት ኣብ ሕገ-መንግስተን ኣቐሚጠን ይሰርሓሉ እየን፡፡

ትግራይ እትርከቦ ፌዴሬሽን ኢትዮጵያ ድማ እቲ ውክልና ቤት ፅ/ት ኣብ ወፃኢ ምኽፋትን ፖለቲካዊ ምንቅስቓስ ንማእኸላይ መንግስቲ ብውክልና ዝተውሃበ ዋላ ተኾነ ኣብ ህዝቢ ንህዝቢ ርክባት.፣ ተሳትፎ ዲያስፖራ፣ ንግዲ፣ ቱሪዝምን ባህልን ፣ኢንቨስትልመን፣ ናይ ሞያን ክእለትን ድጋፋት ኣብ ምትእልላሽ ከምኡ 'ውን ናይ ልምዓት ፋይናንስ ጠለብ (ልቓሕን ሓገዝን) ንማእኸላይ መንግሰቲ ሕቶ ብምቕራብ ምንቅስቓስ ዝኽልኽል ዘይብሉ ዋላ እንተኾነ ኩሉ ምንቅስቓስ ክልላት ብማእኸላይ መንግሰቲ ቑፅፅር ዝግበረሉ እዩ፡፡ በዚ መሰረት ድማ ክልል ትግራይ ክንዲቲ ዝኸኣሎ ናይ ወፃኢ ርክባት እናገበረ እንተነበረ ካብ ኣብይ አሕመድ ናብ ስልጣን ምምፃእ ንድሓር እቲ ማእኸላይ መንግስቲ ህዝቢ ትግራይ ብቓልሱ ዝወነኖ መሰል ዓርሰ ውሳንኡ ንምምንዛዕን ምስ ናይ ወፃኢ ሃገራት ርክብ ከይህለዎ ብምግበር ዕንቅፋት ብምፍጣርን ከም ህዝቢ ክፅንት ምስ ካልኦት ሃገራት ተሓባቢሩ ዋላ እንተሰረሐ ነዚ እናመከተ ብሓድሽ ኣወዳድባ ፖለቲካዊ፣ ኢኮኖሚያዊ፣ ማሕበራዊን ባህላዊን ርክባቱ ንምምራሕ ቤት ፅ/ት ዝምድናታት ኸፊቱ ይሰርሕ ኣሎ፡፡

በዚ መሰረት ድማ ኣብ ቀፃሊ ማለት እውን ኣብ ናይ ኢትዮጵያ ዘላና ፌዴሬሽናዊ ርክብ ፖለቲካዊ መዕለቢ ክሳብ ዝረክብ ክትግበሩ ዝግብኦም ምንቅስቓሳት ንምድህሳስ ኣብዞም ዝስዕቡ ነጥብትት ናይ ውልቀ ርኢቶይ ንምሃብ ዝኣክል፡-

## 1. ወሰንቲ ዛዕባታት ንግዳማዊ ርክብ ወፃኢ (Determinates of Paradiplomacy)

ዓለምለኻውነት ክልላት/ፌዴሬሽናት/ግዝኣታትን ከምኡ 'ውን እዘን ግዝኣታት ከመይ ገይረን ኣብ ዓለምለኸ መድረኽ ተዋሳእቲ ከምዝኾና ኣብ ክሊ እቲ ዓለም ለኸ ጉዳያት ዝህልወን ጥንካረ (Intensity) ፣ ድግግምን (Frequency) ፣ ሽቶን (Goal) መሰርሕን (framework) ኣብ ምዝርጋሕ ኣብ ዝተፈላለዩ ስነ-ሓሳባት ዓለም ለኻዊ ርክባት ዝውሰን እዩ ነይሩ። ኣብ ቐረባ እዋናት ድማ ከምዚ ዓይነት ርክብ ንምንታይ ከምተደለየ ዘደፋፍኡ ምንቅስቓሳት ገላፃይ ብዝኾነ መሰርሕ (Framework) ዝማዕበለሉ ኾይኑ እዚ ድማ ኣብ መንጎ ናይተን ክልላት/ፌዴሬሽናት/ግዝኣታት ዘመሓድሩ መንግስታትን ኣብ ዓለም ለኸ መድረኽ ተዋሰእቲ ናይ መኺንን ከም ምኽንያት ከምኡ ድማ ካሊእ ግዳማዊ ምክንያት ነቲ ናይ ወፃኢ ምንቅስቓስ ዘሕድሮ ፅዕንቶ ማለት እውን ክልላዊ ፖለቲካዊ ምንቅስቓስ (Regional political system)፣ ግሎባላይዜሽን (Globalization) ፣ ሃገራዊነት (Nationalism) ዓለምለኻውነት (Internationalization) መኺኖም ብምፍላይ ምንቅስቓስ ከምዘካይዳ ይሕብር፡፡

### 1.1 መልዐሊ ንግዳማዊ ርክብ ወፃኢ ግዝኣታት ካብ ማእኸላይ መንግስቲ ንታሕቲ ዝርከቡ ኣወዳድባታት (Driver for Paradiplomacy in sub-national political system)

መልዓሊ ንግዳማዊ ርክብ ክልላት/ ፌዴሬሽን /ግዝኣታት እቲ ጠቓማይ ረቒሓ ተባሂሉ ዝውሰድ ሃገራዊነት (Nationalism) እዩ፡፡ እዚ ድማ ኣብ ምንቅስቓስ ወፃኢ ፍሉይ መንነትኻ ሃኒፂካ ኣብ ዓለም ለኸ መድረክ ክትርእ ምድላይ ዝግበር ምንቅስቓስ እዩ፡፡ ንኣብነት ታታሪስታን (Tatarstan) ፈሉይ መንነት ንምህናፅ 1990 ነፃነታ ብምእዋጅ ኣብ ትሕቲ ፕሬዝደንት ቤት ፅ/ት ሚኒስቴር ኢኮኖሚ ጉዳያት ወፃኢ ብምጥያሽ ናይ ታታሪስታን ፖሊሲ ኢኮኖሚያዊ ርክብ ወፃኢ ኢላ ጀሚራ እያ፡፡ ብኻሊእ ወገን ድማ ምንቅስቓስ ሃገራዊነት (Natinoalism) ኩቤክ (Quebec/Canada) እንተርኢና እቲ ምንቅስቃስ ብጠንካራ ናይ ምንፃል ድሌት ብዘለዎ ፓርቲ ኩቤኮስ (Parti-Quebecois) ዝምራሕ እንትኸውን ዕላምኡ ድማ ነፃነት ኩቤክ እዩ ነይሩ፡፡ ምንቅስቓስ ርክብ ወፃኢ እዚ ፓርቲ ድማ ጥጡሕ ባይታ ንኣፍልጦ ነፃነት ምፍጣር ዝዓለም እዩ ነይሩ፡፡ ካብዚ ምርዳእ ዝግባእ ምንቅስቓስ ግዳማዊ ርክብ ክልላት/ፌዴሬሽናት/ ግዝኣታት ምስ ምምስራት ሃገራዉነት ዘካይድኦ ፖለቲካዊ ፣ኢኮኖሚያዊን ባህላዊን ርክብ ብዓለም ለኸ ማሕበረሰብ ኣፍልጦ (Recognition) ንምርካብን ምስ መንግስታት ዝምድናታት (Relations) ንምጅማርን እዩ፡፡

ምንቅስቓስ ወፃኢ ትግራይ እንተሪእና ድማ ቅድሚ እቲ ሓዚ ኢጋጢሙ ዘሎ ኩናት በቲ ሕገ-መንግስቲ መሰረት ዝገበረ ፈተውቲ ኣብ ምብርካትን ድኽነት ኣብ ምንካይ ዝካየድ ዝነበረ ቓልሲ ደገፍቲ ምፍራይን ፤ እቲ ምስ ማእኸላይ መንግስቲ ዝነበረ ጎንፂ ብሰለማዊ መንገዲ ምፍታሕ ዝከኣለሉ ዝነጥፍ ከምዝነበረን እዩ፡፡ ሓዚ ግን ሃለዋት ህዝቢ ትግራይ ብማእኸላይ መንግስትን ካልኦት መሻርኽትን ተሓባቢሮም ካብ ገፅ-መሬት ንምጥፋእ ዘርኢ ምፅናት ተኻይድዎ እዩ፡፡ ስለዘኾነ ድማ እቲ ሓዚ ዝግበር ርክብ ወፃኢ ትግራይ ንህልውና ህዝቢ ትግራይ ውሑስ ንምግባር ዓርስ ውሳንኡ ዘዕርፈሉ ምዕራፍ ንሃገራውነት ክኸውን እውን ስለዝኸእል ዝግበር ምንቅስቓስ ዝምድናታት ንኣፍልጦ (Recognition) ጥጡሕ ባይታ ምምችቻው ዝከኣለሉ ስራሕቲ ኣብ ግምት ምእታው ኣድላዪ እዩ፡፡

### 1.2 ፅልዋ ረቛሕታት ማእኸላይ መንግስቲ ንግዳማዊ ርክብ ወፃኢ (Variables Influencing Paradiplomacy at National Level)

እቲ ካሊእ ረቒሓ ንግዳማዊ ርክብ መልዓሊ ተገይሩ ዝውሰድ ድማ ሕገ-መንግስታዊ መስርሕ (Constitutional Framework) ዝገበረ ክፍፍል ስልጣን ምስ ክልላት/ፌዴሬሽናት/ግዝኣታትን ኣብ ጉዳያት ወፃኢ እዩ፡፡ እቲ ክፍፍል

ስልጣንን ተግባርን ኣብ ጉዳያት ወፃኢ እቲ ማእኸላይ መንግስቲ ንተሳትፎ ክልላት/ፌዴሬሽናት/ግዝኣታትን ብዋናነት ድማ ነቶም ፖለቲካዊ ክፋል እቲ ኣወዳድባ ዝለዓለ ኣስተዋፅኦ ይገብር፡፡ ብካሊእ ወገን ድማ እቲ ማእኸላይ መንግስቲ ብሕታዊ ተዋሳኢ ኣብ ፖለቲካዊን ኢኮኖሚያዊ ጉዳያት ወፃኢ ኮይኑ ዝስርሖሉ መስርሕ እዩ፡፡ ኾይኑ ግና ኣብ ብጣዕሚ ዲሞክራሲያዊ ወይ ድማ ዘይመእኹል ምሕድራ ዝኸተላ ሃገራት ድማ ኣብ ጉዳይ ትምህርቲ፣ ባህሊ፣ ኸባቢያዊ ኢኮኖሚያዊ ልምዓትን ካልኦት ኢኮኖሞያዊ ረብሓ ዘለዎም እተን ክልላት/ፌዴሬሽናት/ግዝኣታት ቀንዲ ተዋሳእቲ ኮይነን ዝሳተፋሉ ጉዳይ ወፃኢ ተገይሩ ይውሰድ እዩ፡፡

ብተወሳኺ ድማ ሕገ-መንግስታዊ ክፍፍል ኣብ መንጎ ማእኸላይ መንግስትን ክልላት/ፌዴሬሽናት/ግዝኣታት ኣብ ወፃኢ ርክብ ክህልወን ዝግባእ ዓቕሚ ዝውስን ኣሰራርሓ ምዝርጋሕ እዩ፡፡ ከም ናይ ካናዳን ጀርመንን ሕገ-መንግስቲ እንተርኢና ድማ ነተን ክልላት/ግዝኣታት/ ፍሉይ ስልጣን ኣብ ርክብን ጉዳያት ወፃኢን ይህበን፡፡ በተቓራኒ ድማ ህንዲ፣ ደቡብ ኣሜሪካን ኢትዮጵያን ዝኣመሰላ ሃገራት ድማ ኣብ ርክብን ጉዳያትን ወፃኢን ነቲ ስራሕ ፈፃሚ ብሕታዊነት ስልጣን ዝሃበ ሕገ-መንግስቲ ዘለወን እየን፡፡

በዚ መሰረት ድማ እቲ ሕገ-መንግስቲ ኢትዮጵያ ንርክብን ጉዳያትን ወፃኢን ዝምልከት ስልጣን ነቲ ስራሕ ፈፃሚ ፌዴራል መንግስቲ ዝሃበ እንትኾን ብተወሳኺ ድማ ኣብ ጉዳይ ኢንቨስትመንት፣ ቱሪዝምን ጉዳያት ዳያስፖራን ዝምልከት እውን ካብ እቲ ማእኸላይ መንግስቲ ኣፍልጦ ወፃኢ ዝስራሕ ኣይኮነን፡፡ በዚ መሰረት ድማ ትግራይ እቲ ንማእኸላይ መንግስቲ ሂባቶ ዝነበረት ስልጣን  ርክብ ወፃኢ ጉዳያትን እቲ ሕገ-መንግስቲ ፈሪሱ ስለዘሎን ንረብሓን ሃለዋትን ህዝባ ዘረጋግፅ ስለዘይኾነ ውክልናኣ ብምልዓልን ብውልቓኣ ርክብ ወፃኢ ምግባርን እዩ ዘለዋ ማራጺ፡፡

## 1.3 ክልላዊ  መዋቕራዊ  ዕድል ንግዳማዊ  ርክብ ወፃኢ ግዝኣታት (Regional Opportunities Structure for Paradiplomacy)

ኣብ ዓለምና ዝተፈጠሩ ፖለቲካዊን ኢኮኖሚያዊ ውዳበታት (Political and Economic Regimes) ከም ኣውሮፓ ሕብረት፣ ሴሜን ኣትላንቲክ ነፃ ናይ ንግዲ ቀጠና (NAFTA) ዝኣመሳሰሉ ኣብ ኣውሮፓን ሴሜን ኣሜሪካን ንዝርከባ ሃገራት ውሽጢ ንዘለዋ ክልላት/ፌዴሬሽናት/ግዝኣታት ርክብ ንክፈፅማ ፅቡቅ ኣጋጣሚ ፈጢሩለን እዩ፡፡ በተላይ ድማ ኢኮኖሚክ regime ኣብ ምፍጣር ናይ ሓባር ዕደጋ (single market) ኣብ ዝግበር ምንቅስቓስ ንናይ ውሽጢዓዲ ናይ ንግዲ ዕንቅፋት ኣብ ምቕራፍ ዓብላሊ ተራ ኣለዎ፡፡ ንኣብነት ኣብ ድርድር ንምምስራት ስምምዕ ካናዳ-ኣሜሪካ ነፃ ንግዲ ኣብ ክልትኤን ሃገራት ዝርከባ ክልላት/ፌዴሬሽናት/ግዝኣትት ኢኮኖሚያዊ ግዴኤን ጠቓማይ ነይሩ፡፡

ብካሊእ ወገን ድማ ኣፍሪካ በተለይ ድማ ትግራይ እትረከበሉ ቀጠና ኣብ መንጎ ቀጠና ዝካየድ ዘሎ ምምስራት ነፃ ንግድን ቀጠናዊ ትሕብብርን ማለት እውን ኣብ ሓባር ዕዳጋ ምብራቕን ደቡቡን ኣፍሪካን (COMESA) ናይ ምብራቕ ኣፍሪካ ኮሚኒቲን (EAC) ከምኡ 'ውን ካልኦት ኣወዳደባታትን ዝምድና ንምጅማር ምንቅስቓስ ምግባር ፅቡቅ ኣጋጠሚ እዩ፡፡

## 1.4 ዓለም ለኸ መዋቕራዊ ዕድል ግዳማዊ ርክብ ግዝኣታት (Global Opportunity Structures for Paradiplomacy)

ሃለዋት ክልላት/ፌዴሬሽናት/ግዝኣታት ኣብ ዓለም ለኸ ክልታውን (Bi-lateral) በዓል ብዙሕ ወገንን ርክባት (Multi-lateral) እናዓበየ ዝመፀሉ እዩ፡፡ እዚ ዓለምለኻዊ ምንቅስቓስ ክልላት ድማ ብማእኸላይ መንግስትን ወይም ንዕዑ ንጎኒ

ገዲፈን ቀጥታዊ ርክብ ይፍፅማ እየን፡፡ ማለት እውን ምስ ቀጠናዊ ውዳበታት፣ ሃገራት፣ ኔትዎርከታት ወይ ድማ ትካላት ንኣብነት ኣውሮፓ ሕብረት፡፡

ግዳማዊ ርክብ ኣብ ምምሕያሽ ዓለም ለኸ ስርዓት (Global system) ግደኦን ዘለዓለ ኮይኑ ምስ እናዓበየ ዝኸይድ ዘሎ ዓለምለኻውነትን ኣብ ዓለም ለኸ መድረኽ ምስ መንግስታውን ዘይመንግስታውን ተዋሰእቲ ርክበን ዘሐይላሉ ኩነታት ፈጢሩለን እዩ፡፡ በዚ መሰረት ድማ እቶም ዘይመንግስታዊ ተዋሰእቲ ማለት እውን ከም Multi-National Corporations ንፖሊሲታት ክልላት/ፌዴሬሽናት/ ግዝኣትት ድሌት የሕድሩ እዮም። ብተመሳሳሊ እውን ናይ ሰብኣዊ መሰላት ተሓለቕቲ 'ውን ድሌት የሕድሩለን እዮም ከም እኒ ኣሚኒስቲ ኢንተርናቲናል (Amnesty International) ፣ ዎርልድ ካውንስል ኦፍ ቸርችስ(World Council of Church's) ዝመሳሰሉ ማለት እዩ፡፡

በዚ መሰረት ድማ ትግራይ እቲ ዓለም ለኸ ስርዓት ዝህባ ምቹው ኹነታት እቶም መንግስታዊን ዘይመንግስታዊ ተዋሰእቲ ብምፍላይ ማለት እውን ቀጠናዊ ውዳበታት ፣ ሃገራት፣ ኔትወርከታት ወይ ድማ ትካላትን ረብሓኣ ብዘሳኽዕ መንገዲ ርከባት ምጅማር ኣድዩ እዩ፡፡

## 2. ሕጋዊን መዋቕራዊ መግለፂ ግዳማዊ ርክብ ግዝኣታት (Legal and Institutional Context of Paradiplomacy)

ካሊእ ረቑሓ ንግዳማዊ ርክብ ክልላት/ፌዴሬሽናት/ግዝኣታት ዘደፋፍእ ድማ ሕጋዊን መዋቕራዊ መግለፂ ርክባተን ብግልፂ ኣብቲ ሕገ-መንግስተን እዩ ዝውሰን። እዚ ማለት ድማ ሓደሓደ ሃገራት ርክብ ወፃኢ ንማእኸላይ መንግስትን እተን ግዝኣታትን ብግልፂ ኣብቲ ሕገ-መንግስቲ ተነፂሩ ዝተቐመጠ እንተኾነ ብዋናነት ድማ ኣሃዳዊ ስርዓት ዘለወንን ምእኩል ፌዴሬሽን ዝኽተላ ሃገራትን እቲ ግዳማዊ ርክብ ዝፈቅድ ብንፁር ኣይቕመጥን እዩ፡፡ ኣብ ዘይምኡኽ ምሕደራ ዝኽተላ ሃገራት እተን ግዝኣታተን ናይ ወፃኢ ርክብ ድሌት ምእንታን ከየሕድራ እቲ ማእኸላይ መንግስቲ ባዕሉ ናይተን ግዝኣታት ኢኮኖሚያዊ ድሌተን ዘፋልጣሉ ኩነታት ይፈጥራ እየን፡፡ ሕገ-መንግስቲ ኢትዮጵያ 'ውን ነዚ ዝኣመሰለ ርክብ ክልላት ብንፁር ዝተቐመጠ ኣይኮነን ብጥቕሉል ኣብ ምዕራፍ 10 ዓንቀፅ 85ን86 ክልላት ኣብ ርክብ ወፃኢ ምስታፍ ከምዝኽእላ እንተጠቅስ ኣብ ምንታይ ስራሕትታት ከምዝሳተፋ ኣይገልፅን፡፡ ኣብ ዘይምእኩል ምሕደራ ዝኽተላ ሃገራት ርክብ ወፃኢ ክልላት/ፌዴሬሽናት/ግዝኣታት ኣብ ኢኮኖሚያዊ ትሕብብር፣ ትምህርቲ፣ ባህሊን ዳያስፖራን ክሳተፋ ከም እኒ ካናዳ ዝኣመሰላ ድማ ውክልና ቢሮ ኣብ ወፃኢ (Mission) ዝኸፍታሉ ዕደል ይድንግግ እዩ፡፡ ኣብ ምእኩል ምሕደራ ዘለወን ከም እኒ ቻይና ዝበላ ድማ እቲ ግሎባላይዜሽን ዝፈጠረለን ዕድል ተጠቒመን እቲ ማእኸላይ መንግስቲ ኢኮኖሚያዊ ትሕብብር ኽገበራ ነተን ግዝኣታት ይፈቕደለን እዩ፡፡

በዚ መሰረት ድማ ንርክብ ወፃኢ ክልላት/ፌዴሬሽናት/ግዝኣታት ዘገድደን እታ ሃገር ዘለዋ ህገ-መንግስቲ ማእኸል ዝገበረ ኾይኑ ክልላት ድማ ናይ ባዕለን ተሳትፎ ንኽገብራ ኣብ ዓለም ለኸ መድረኽ ተሳትፎኦን ከሐይላ ይገብር እዩ፡፡ ትግራይ እቲ ኣጋጢምዋ ዘሎ ኩናት ዘርኢ ምፅናት እቲ ዝነበረ ሕገ-መንግስትን ፈሪሱ ስለዘሎ በዚ መሰረት ተሳኺዖ ረብሓ ዕፁው እዩ፡፡ ብምኧኑ ድማ ሕገ-መንግስቲ ፌዴራል ንትግራይ ንግዳመዊ ርክብ ንክትምስርት ሕጋዊ መሰርሕ ክኸውን ኣብ ዘይኸእለሉ ደረጃ በፂሑ ከምዘሎ ብምግላፅ ፈተውቲ ኣብ ምፍራይ ብዕቱብ ምስራሕ የድሊ፡፡

## 3. ርክብ ምስ መንግስታት ኣብ ዓልም ለኸ ጉዳያት (Intergovernmental Relation in Foreign Affairs)

ናይ ሓንቲ ሃገር ክህልዋ ዝኽእል ምሕደራ ምእኹል ወይ ድማ ዘይምእኹል ክኸውን ዝገብሮ ኣብ በቢብርኪ ዝርከብ መዋቕር መሰረት ገይሩ ዝህሉ ፖለቲካዊ ርክባት እዩ ዝድረት፡፡ እዚ ፖለቲካዊ ርክብ ኣብ መንጎ መንግስታዊ መዋቕር ኣፈላላይ ክፍጠር ዝገብር እቲ ማእከላይ መንግስቲ ዝኽተሎ እቲ ርክብ ብሒቱ ክትሕዝ ስለዘደሊ እተን ክልላት ድማ ተሳትፎ ወፃኢ ክህልወን ዘሕድርኦ ድሌትን እዩ፡፡ በዝሒ መንግስታዊ መዋቕር ዘለወን ሃገራትን እተን ክልላት/ፌዴሬሽናት/ግዝኣታት ጠንካራታት ኣብ ዝኾና ነቲ ማእኸላይ መንግስቲ ፀቕጢ ብምሕዳር ኣብ ዓለም ለኸ ጉዳያት ተሳትፎአን ከደንፍዓ ይሰርሓ እየን፡፡ በዚ መሰረት ድማ ርክብ ኣብ መንጎ መንግስታዊ መዋቕር ንግዳማዊ ርክብ ወፃኢ ክልላት ተገይሩ ዝውሰደሉ ምክንያት ድማ መብዛሕቲኦም ኣብ ዓለም ለኸ ርክብ መፅናዕቲ ዘካየዱ ምሁራን ዝስማፅማዓሉ ኣብ መንጎ ናይ መንግስታዊ ትካላትን ፖሊሲታትን ማእኸላይ መንግስትን ክልላት/ፌዴሬሽናት/ግዝኣታትን ዝህሉ ቅርሕንቲ ወይ ድማ ትሕብብር እዩ ይብሉ፡፡ ብተፃራሪ ድማ ምሁራን ግዳማዊ ርክብ ወፃኢ ዝኾኑ ድማ ተሳትፎ ክልላት/ፌዴሬሽናት/ግዝኣታት ኣብ ዓለም ለኸ ጉዳያት እቲ ዓለም ለኻዊ ተለዋዋጣይነት ሒዝዎ ዝመፅእ ጥጥሑ ባይታን ኣብ ውሽጢ ዓዲ ዘሎ ሕፅረት ትካላት (Lack of institutions) ዝፈጥሮ ሓጓፍ ንምምላእ ክብላ ዘካይድኦ ርክብ ወፃኢ እዩ ይብሉ፡፡

በዚ መሰረት ድማ ኣፈላላይ ፖለቲካዊ ወይም ፖሊሲታት ማእኸላይ መንግስቲ ምስ ክልላት/ፌዴሬሽን/ግዝኣታት ንግዳማዊ ርክብ ወፃኢ ዝደፋፍአን ከም ሃገር ንምውፃእን ኣፍልጦ (recognition) ንምርካብን ይጥቀማሉ እየን፡፡ ብተወሳኺ ድማ እቲ ርክብ ኣብ መንጎ ማእኸላይ መንግስትን ክልላትን እናሓርፈፈ ኣብ ዝኸደሉን ምትእማማን ኣብ ዘይብሉ ድማ ክልላት/ፌዴሬሽናት/ግዝኣታት ናይ ባዕለን ወኪል ኣብ ወፃኢ (ሚስዮን) ዝኸፍታሉ ኩነታት ይፍጠር እዩ፡፡ እቲ ፖለቲካዊ ኣፈላላይ ዝሓሸ ኣብ ዝኾነሉ ድማ ክልላት ንማሕበራዊን ኢኮኖሚያዊ ረብሓአን ንምሕጋዝ ግዳማዊ ርክብ ብምግባር ኣብ ዓለም ለኸ ጉዳያት ማለት 'ውን ከም ለውጢ ኩነታት ኣየር ዝኣመሳሰሉ ልዕሊ እቲ ማእኸላይ መንግስቲ ተሳትፎአን የካይዳ እየን፡፡

## 4. ድሌትን ሽቶ ንግዳማዊ ርክብ ወፃኢ (Motives and Goals of paradiplomacy)

ማእኸላይ መንግስቲ ብሕታዊ ተዋሳኣይ ኣብ ዓለም ለኸ መድረኽ ዝኾነሉ ኣሰራርሓ እናተቐየረ ዝመፅኣሉ ኩነታት ከምዘሎ ይፍለጥ እዩ፡፡ ማለት እውን ምምዕባል ዘይመንግስታዊ ትካላት (NGO's) ፣ ዓበይቲ ኩባንያታት (MNC) ከምኡ 'ውን ዘይመንግስታዊ ተዋሰእቲ ከም ናይ ግብረ-ራዕዲ ውዳበታት (Terrorist organizations) እዮም፡፡ እዚ ዝኾነሉ ድማ ተዋሰእቲ ኣብ ዲፕሎማሲያዊ ስራሕቲ እናዓበየ ብምምፃኡን ከምኡ ድማ ሓደሽቲ ዓለም ለኸ ፖለቲካዊን ማሕበራዊን ዝንባለታት ንናይ ዲፕሎማሲ መስርሕ (Framework) ለዊጡዎ እዩ፡፡ እዚ ምንቅስቓስ ድማ ክልላት ናብ ኢኮኖሚያዊ፣ ፖለቲካዊን፣ ማሕበራዊን ባህልን ድሌተን ንምርካዕ ውሑስ ዝገብራሉ ከይዲ ፅቡቕ ኣጋጣሚ ፈጢሩለን እዩ፡፡ ስለዘኾነ ድማ ድሌትን ሽቶን ክልላት ንግዳማዊ ርህብ ዝምልከት ከምዝስዕብ ይኸውን፡-

### 4.1 ምልላይ ኢኮኖሚያዊ ረብሓ (Promotion of Economic interests)

እቲ ዋና ዕዮ ንድሌትን ሽቶን ክልላት ንግዳማው ርክብ ተገይሩ ዝውሰድ ኢኮኖሚያዊ ድሌት ኾይኑ እዚ ድማ ንፍርያተን ስደድ ዕደጋ ንምርካብን ምስሓብ ኢንቨስትመንትን ብምዕባይ ክልላዊ ኢኮኖሚ ዕብየተን ንምሕጋዝ እዩ፡፡ እዚ ድሌተን ንምስኻዕ ድማ እተን ክልላት ዝተፈላለየ ስትራቴጂታት ብምንዳፍ ማለት እውን ንምስሓብ ኢንቨስትመንት ዝኸውን

መሰረተ-ልምዓት ምድላው፣ taxes Holydayን ካለኦት ፋይናንሳዊ መበረታተዕታት የዘጋጅዋ እየን፡፡ ብኻሊዕ ወገን ድማ ነዚ ስራሕቲ ዝሕግዝ ንናይ ክልል ልምዓታዊ ምንቅስቓስ ዘተሓባብር ቢሮ ንግዲ ብምኽፋት ኣብ ምፍላጥ ንግዲ፣ ኢንቨስትመንት፣ቱሪዝምን ኣብ ምእካብ ሓበሬታ ዕዲጋ (Market intellegence) ብምጥያሽ ነቲ ኢኮኖሚዊ ድሌተን ዘፋልጣሉ መስርሕ ይዝርግሓ እየን፡፡

ትግራይ ድማ ሐዚ ዘላተሉ ኩናትን ዕፅዋን መዕለቢ ምሰ ረኸበን ህዝቢ ትግራይ መሰል ዓረሰ-ውሳነኡ ክሳብ ዝረጋገፅ ንእግሪ ምትካልን ህንፀት ትግራይ ዝኸውን ድጋፍ ናይ ምትእልላሽ ስራሕቲ ብዋናነት ዝስራሕ ኾይኑ እቲ ኢኮኖሚያዊ ድሌት ድማ ኣብ ምልላይ ፍርያት ትግራይን ምድጋፍ መሰረት ኢኮኖሚያዊ ልምዓት ዝገበረ ክኸውን ይግባእ፡፡

## 4.2 ግዳማዊ ርክብ ወፃኢ ንፖለቲካዊ ዕልባት (Paradiplomacy for political End)

እቲ ካሊእ ዕዮ ድሌትን ሽቶን ክልላት ንግዳማዊ ርክብ ተገይሩ ዝውሰድ ድማ ካብ ውሽጢ ሃገርን ካብ ወፃኢ ዝርከብ ፖለቲካዊ ኹነታት እዩ፡፡ ማለት እውን ኣብ ውሽጢ ዓዲ ዝርከቡ ብሄርተኛታት ዝገብርዎ ምንቅስቓስ ምንፃልን ነዚ ዝድገፍ ግዳማዊ ሓይሊ ኣብ ዝህልወሉ ኩነታት ምዕለቢ ፖለቲካዊ ደሌተን ንምርኻብ ብተወሳኺ ድማ ምስ ማእኸላይ መንግስቲ ዝፍጠር ፍሕፍሕን ክልላት ግዳማዊ ርክብ ንፖለቲካዊ ዕልባት ንምርካብ ኣቢለን ብካልኦት ኣፍልጦ (Recognition) ንምርካብን ነፃነተን (Independence) ንምእዋጅን ይጥቀማሉ እየን፡፡

ክልል ትግራይ ምስ ማእኸላይ መንግስቲ ዘለዋ ርክብ እናሓርፈፈ ዝመፀሉን ኢሉ ድማ ናብ ዘርኢ ምፅናት ኩናት ተኸፊቱላ ዕልባት ዘይተረኸበሉ ጉዳይ ኾይኑ እዩ፡፡ እዚ እነካይዶ ዘለና ኩናት እቲ ኣብ ልዕሌና ዝፍፀም ዘሎ ግፍዒ ንምምካት ዋላ እንተኾነ ምስታ ዘለናላ ሃገር ሓቢሩ ዘኽደና ፖለቲካዊ መድረኽ ግን እናተዓፀወ እዩ ዘሎ፡፡ ኣብ ቀረባ እዋን ብማእኸላይ መንግስቲ ዝሕሰብ ዘሎ ሃገራዊ ምኽኽር መድረኽ ድማ ህዝቢ ትግራይ ዝመረፆ መንግስትን ውድብን ኣብቲ መድረኽ ከምዘይሳተፍን ብግብረ-ራዕዲ ሰይምዎ ከምዘሎ ኮይኑ ግና ካልኦት ውድባት ትግራይ ክሳተፋ ይኽእላ እየን ዝብል መግለፂ ዘውፅኡሉ ኩነታት እዩ ዘሎ፡፡ እዚ ፖለቲካዊ ምንቅስቓስ ማእኸላይ መንግስቲ ንፖለቲካዊ ድሌትን ሽቶን ህዝቢ ትግራይ በተለይ ድማ ንመሰል ዓርሰ-ውሳነኡ ክሳብ ምግንፃል ዝብል መሰሉ ዝህብ እንተይኮነስ መፍረሳይ ሃገር እዩ ይብል ኣሎ፡፡ ህዝቢ ትግራይ ካብ ደጊም ንድሓር ዝገብሮ ምንቅስቓስ  ንመሰል ዓርሰ-ውሳነ ዘጠናኽር እንተኾይኑ ድማ ብኸመይ ንኺዶ ዝብል ኣማራፂ ወይ ድማ ህዝቢ ትግራይ ናይ ባዕሉ ሃገር ተመስሪቱ እዩ ውሕስንኡ ዝረጋገፅ ዝብል ወይ ድማ ምንፃል ከየድለየ ካሊእ ኣማራፂ ኣሎ ዝብል እንተሃለዩ እውን ብንፁር ክቅመጥ ብምግባር ኣማራፂ ብምቅራብ እቲ ህዝቢ ድሌትን ሽትኡን ዕልባት ዝረኸበሉ ኹነታት ምፍጣር እዩ፡፡ ስለዝኾን ወድባት ትግራይ እቲ ዝገብረኦ ዘለዋ ፖለቲካዊ ምንቅስቓስ ርክብ ወፃኢ ንቐፃሊ ፖለቲካዊ ዕልባት ህዝቢ ትግራይ ውሑስ ዝገብር ክኸውንን ነዚ ምንቅስቓስ ደገፍት ሃገራት ወይ ድማ ውዳበታት ኣብ ምፍራይ ንጡፍ ተሳትፎ ኽገብራ ይግባእ፡፡

## 4.3 ግዳማዊ ርክብ ወፃኢ ንልምዓታዊ ድጋፍ (As Means of Development Assistance)

ድሌትን ሽቶን ክልላት ንግዳማዊ ርክብ ተገይሩ ዝውሰድ ድማ ንልምዓታዊ ድጋፍ ንምርካብ እንትኾን እዚ ድማ ብመልክዕ ገንዘባውን ንዋታውን ድጋፍ እዩ፡፡ እዚ ድማ ኣብ ክልታዊን (Bi-latrral) ባዓል-ብዙሕ ወገን ዝምድና (Multi-lateral) ምስ ዓለም ለኸ ልምዓታዊ ድጋፍ ዝህቡ ኤጀንሲታትን ዓለም ለኸ ትካላትን ዝርከብ ቴክኒካል፣ ሳይንሳዊ፣ ቴክኖሎጅን ገንዘባዊን ድጋፍ ንምጥቓም እዩ፡፡ ዝማዕበላ ሃገራት ዘለወን ልምዲ ኣብ ምሕደራን ምምዕባል ኢኮኖሚን ድጋፋት ንኻልኦት ሃገራት ብመልክዕ ንዋታውን ቴክኒካላዊ ድጋፍ ዘበርክታ እንትኾና እዚ ድማ ብምልክዕ ስልጠና ንኣመራርሓን መንግስቲ ሰራሐተኛታት ዘበርክትኦ እዩ ዝኸውን፡፡

በዚ መሰረት ድማ ትግራይ ኣብ ተካይዶ እግሪ ምትካልን ምልማዕ ሓይሊ ሰብ ካብ ዓለም ለኸ ትካላት ብመልክዕ ንዋት፣ ፋይናንስን ቴክኒካዊ ድጋፍ ንምርካብ ኣትገብሮ ምንቅስቓስ ነዚ ብዕቱብ ንምጥቃም ዘኽእል ኣወዳድባ ክህልዋ ይገባእ እዩ፡፡

## 4.4 ምልላይ ልውውጥ ማሕበራዊን ባህልን (Promoting Socio-Cultural Exchange)

ድሌትን ሸቶን ክልላት ንግዳማዊ ርክብ ተገይሩ ዝውሰድ ድማ ምፍላጥ ባህልን ቛንቛን ክልላት/ፌዴሬሽናት/ግዝኣታት እዩ፡፡ እዚ ድማ ተግባራዊ ዝኸውን ብልውውጥ ማሕበራዊን ባህልን ሃፍቲ ምስ ናይ ዓለም ህዝብታት እዩ፡፡ እዚ ድማ ብመልክዕ ናይ ባህሊ ልውውጥ፣ ትምህርቲን ስፖርትን ብምግባር ምስ ዓለም ማሕበረሰብ መተኣሳሰሪ ኾይኑ የገልግል እዩ፡፡ ካብዚ ሃሊፉ ድማ እተን ክልላት ዘለወን ናይ ባህልን ታሪክን ብዓለም ደረጃ ተፈላጢ ንምግባርን ታሪካዊ ቅርሲ ዘላልያሉ መድረኽ ገይረን ይጥቀማሉ እየን፡፡ ናይ ካናዳ ግዝኣት ዝኾነት ኩቤክ (Quebec) እንተሪእና እቲ ዘለዋ ባህልን ትምህረትን ንምዕቃብ ንካናዳ ወኪላ ኣብ ሕቡራት መንግስታት ዓለም ትካል ትምህርቲ፣ ሳይንስን ባህልን (United Nations Education, Scientific and Culture Organization (UNESCO)) ኣባል እቲ ቤት ምኽሪ እያ፡፡ እዚ ዓይነት ውክልና ዘቕርባ ክልላት/ፌዴሬሽናት/ግዝኣታት ምስ ማእኸላይ መንግስቲ ዘለወን ቅርሕንትን ምትእምማንን እናዓበየ ኣብ ዝኸደሉ እዋን እዩ፡፡

ትግራይ እትርከበሉ ፌዴሬሽን ኢትዮጵያ ድማ እቲ ማእኸላይ መንግስቲ ንምፍላጥ ባህልን ታሪኽን እተን ክልላት ንዓለም ለኸ ማሕበረሰብ ዘፋልጠሉ ብምትሕብባር እዩ፡፡ እዚ ዓይነት ትሕብብር ኣብ ከይዲ ትግራይ እታ ቐዳሚት ወናኒት ባህልን ታሪኽን እናሃለወት እቲ ዘለዋ ዕቑር ታሪክን ባህልን መሰረት ዝገበረ ኣፍልጦ በቲ ዓለም ለኸ ማሕበረሰብ ክፋለጥን ምትእስሳር ክህልዋ ዝገብር ዲፕሎማሲያዊ ምንቅስቓስ የለን፡፡ ካብዚ ሓሊፉ ትግራይ ዘለዋ ዘይድህሰሱ ሃፍታን ባህላዊን ሃይማኖታውን ስርዓታ ከም መስቀልን ኣሸንዳን ጥምቀትን ዝኣመሰሉ መግለፂ እቲ ታሪክ ህዝቢ ትግራይ እናሃለው ዝምልከቶን ዘይምልከቶን ብስም ሓደ ዓዲ ኢና ብዝብል ኣብ ማእኸል ዓዲ ዝተጀመሩን ተገይሩ ብዓለም ቅርሲ ክምዝገቡን ኣብ ከይዲ ምዝገባ ከምዘለዉን እዩ፡፡

ስለዝኾነ ድማ ትግራይ ኣብ እትገብሮ ግዳማዊ ርክብ ባህልን ታሪክን (ዝድህሰስን ዘይድህሰስን) በተለይ በዚ ወራር ኩናት እቶም ቅርስታት ስርቅን ውድመትን ዝበፅሖም እንትኸውን እቶም ብስርቂ መልክዕ ዝተወሰዱ ኣብ ምፍላይን ናበይ ከምተወሰዱን ክትትል ምግባርን ምስ ፀረ-ስግግር ዘይሕጋዊ ቅርስታት ዝሰርሑ ትካላት ምስራሕ ኣድላዩ እዩ፡፡ ብተወሳኺ ድማ  እቲ ህዝቢ ታሪኹ ንምዕቃብ ጥራሕ እንተይኾነስ ንዓለም ለኸ ማሕበረሰብ ምልላይ ከም ታሪኽን ባህልን ወዲ ሰብ ኾይኑ ዓለም ክሕብሕቦም ንምግባር ቅርሲ ዓለም ኾይኖም ክምዝገቡ ንምግባር እውን ኣብ ሕቡራት መንግስታት ዓለም ትካል ትምህርቲ፣ ሳይንስን ባህልን (United Nations Education, Scientific and Culture Organization (UNESCO)) ኣባል ንምኻን ዕቱም ምንቅስቓስ ምክያድ የድሊ እዩ፡፡

## 4.5 ዶብ ስገር  ጉዳያት ኣድህቦ ምሃብ (Addressing common Cross-Border Issues)

ንድሌትን ሸቶን ንግዳማዊ ርክብ ክልላት ዘድፍፍእ ድማ ዶብ ሰገር ዝኾኑ ዛዕባታት ኣብ ምፍታሕን ምጥንኻርን እይ፡፡ እዚ ምንቅስቓስ  ዝገብራሉ ምኽንያት ድማ በቲ ጂኢግራፊያዊ ቕርበተን ዋላ እንተኾነ ነዚ መሰረት ገይሩ ዝመፅእ ዶብ ስገር ፀገማት ወይ ድማ ፅቡቕ ኣጋጣሚታት ተመሳሰሊ ባህሊ፣ ቛንቛ፣ ኣቀማምጣ መሬት ሰለዘለወን እዩ፡፡ ስለዝኾነ ድማ ክልላት ምስ ዘዳቡበን ክልላት ወይ ደማ ጎረባብቲ ሃገራት ዘለወን ዶባዊ ርክብ ንምድንፋዕ ኣብ ጉዳያት

ኢሚግሬሽን፣ ዶብ ሰገር መሰረተ-ልምዓት፣ ፀጥታ (ዝውውር ሰብን፣ መሳረሒ ኩናት፣ ኣደንዘዝቲ ዕፅ) ዝኣመሳሰሉ ናይ ትሕብብር ስራሕቲ ብዕቱብ ይሰርህሉ እዮም፡፡

ስለዚ ድማ ትግራይ እትገብሮ ግዳማዊ ርክብ ድማ ምስ ክልላት ኢትዮጵያ ይኹን ምስ ሱዳንን ኤርትራን እቶም ኣብ ላዕሊ ዝተጠቀሱ ዶብ ሰገር ዛዕባታት ኣብ ግምት ዘእተወ ምንቅስቓስ ክኸውን ኣለዎ፡፡

## 4.6 ንፅዕንቶ ኣብ ሙግት ፖሊሲ ዓለም ለኸ ዛዕባታት (Influencing Global Policy Debate)

ንድሌትን ሸቶን ንግዳማዊ ርክብ ክልላት/ፌዴሬሽን/ግዝኣታት ዘደፋፍእን ድማ ኣብ ዓለም ለኸ ሙግት ፖሊሲ ዝምልከት ፅዕንቶ ኣብ ምፍጣር ዘለወን ምንቅስቓስ እዩ፡፡ እዚ ድማ ኣብ ጉዳያት ውሑስ ልምዓትን ለውጢ ኩነታት ኣየርን (Sustainable development and Climate Change) ፣ ምልላይን ምኽባርን ቡዙሃነት ባህሊ (promotion and respect for cultural diversity) ከምኡ 'ውን ኣብ ምሕደራ ቑጠባ ዓለም ተሳትፎ ምግባር እዩ፡፡ ኣብ ላዕሊ ምግላፅ ከምዘተኸኣለ ግዝኣት ካናዳ ዝኾነት ኩቤክ (Quebec) እንተሪእና እቲ ዘለዋ ባህልን ትምህረትን ንምዕቃብ ንካናዳ ወኪላ ኣብ ሕቡራት መንግስታት ዓለም ትካል ትምህርቲ፣ ሳይንስን ባህልን (United Nations Education, Scientific and Culture Organization(UNESCO)) ኣባል ኾይና እያ፡፡ ካብዚ ጉዳይ ዓለም ለኸ ስምምዓት ኹነታት ኣየር (International environmental negotiations) ትካል ሕቡራት መንግስታት ድማ ክልላት/ፌዴሬሽናት/ግዝኣታት ከም መንግስታዊ ኣብ ኪይዲ ውሳን ምሃብ ተዋሰእቲ ገይሩ ኣፍልጦ ሂብወን ይርከብ፡፡

በዚ መሰረት ድማ ትግራይ ተካይዶ ግዳመዊ ርክብ ወፃኢ ኣብ ዓለም ለኸ ዘለዉ ሙግት ፖሊሲ መሰረት ብምግባር ኣብ ምልላይን ምኽባርን ቡዝሃነት ባህሊ ብምንጣፍ እቲ ዘለዋ ባህልን ስልጣነን ስልጣነ ተጋሩ ጥራሕ ከይኾነስ ስልጣን ወዲ ሰብ ምኳኖም መርትዖታት ብምቕራብ ንዓለም ኣብ ምልላይ ምስራሕ የድሊ እዩ፡፡ ብተወሳኪ ድማ መንግስቲ ትግረይ ኣብ ድኽነት ምንካይ ዝሰርሖ ልምዓታዊ ምንቅስቓስን ምሕዋይ ከባቢን ዳግመ ግረባን ዓለም ለኸ ለውጢ ኩነታት ኣየር ንኢትየጵያ ወኪላ ማለት እውን ወረዳ ክልተኣውላዕሎ ጣብያ ኣብርሃወ ኣፅብሃ ኣብ ብራዚል ኣብነት ኾይና ለውጢ ኹነታት ኣየር ዘብፅሖ ጉድኣትን ኣብ ምክልኻል ዝተሰርሑ ስራሕቲ መርትዖ ኾይና እያ እዚ ድማ ግዳማዊ ርክብ ወፃኢ ኩነታት ኣየር (Environmental paradiplomacy) እዩ፡፡

ብተወሳኺ ድማ ህዝቢ ትግራይ ከም ህዝቢ ካብ ገፀ-መሬት ንምጥፋእ ተኣዊጅዎ ዘሎ ዘርኢ ምፅናት (Genociede) ትሑት ቁፅሪ ዘለዎምን ብሄራትን ንካልኦት ህዝባታት እዚ ተግባር ኣብ ደቂ ሰብ ከይድገም ንምግባር ኣብ ዝግበር ዓለም ለኸ ትሕብብር ካብ ትርጉም ዘርኢ ምፅናት ክሳብ ተግባራቱ ኣብ ዝግባር ሕጋዊ ሽፋን ንኽረክብ መረትዖ ኣብ ምቅራብን ንቕፃልነት ዝንቃለሰሉ ኾይኑ ነዚ ዝፅየፉ ሃገራት ፈተውቲ ኣብ ምግባር ምንቅስቓስ ሓቢርካ ምስራሕን ኣድላዪ እዩ፡፡

# 5. መሳርሕታት ግዳማዊ ርክባት ወፃኢ (Instruments of Paradiplomacy)

ክልላት/ፌዴሬሽናት/ግዝኣታት ዓለምለኻውያን ንምኳን ዝተፈላለየ ምልክዕ ብምኽታል ምንቅስቓስ ብምግባር ኣብ ዓለም ለኸ ርክባተን ንምድንፋዕ ዕላማ ዝገብረኦ ድማ ንምልላይ ጉዳይ ዝተፈላለዩ ፖሊሲታት፣ ምድንፋዕ ዓለም ለኸ ትሕብብር ኣብ ጉዳይ ንግድን ኢንቨስትመንትን መሰረተ-ልምዓትን ከምኡ 'ውን ኣብ ጉዳይ ለውጢ ንብረት ኣየር ዝመሳሰሉ እዮም፡፡ እዞም ተግባራት ንምፍፃም ድማ ዝተፈላለዩ መሳረሕታት ብምጥቓም ሸቶታተን ተግባራዊ ይገብራ እየን፡፡ እዘን ክልላት/ፌዴሬሽናት/ግዝኣታት ዝጥቀማሉ ተባሂሉ ዝፍለጥ ድማ ምጥያሽ ቢሮ ወኪል ኣብ ወፃኢ (Establishing Representative Office Abroad)፣ ምፍርራም ዓለም ለኸ ውዕላት (Signing of International

Treaties)፣ ምፍርራም ዝዘኣቲ ዘይኾኑ ስምምዓት ትሕብብር (Signing of Non-binding Cooperation Agreement)፣ ምስታፍን ምሕዝነት ምፍጣርን ምስ ዓለም ለኸ ትካላት (Participation and Partnership with International Organization)፣ ምስታፍ ኣብ ኔትውርክ ክልላት፣ ፌዴሬሽናት ወይ ድማ ግዝኣታት (Participation in Transnational Networks SNGs) ከመኡ ድማ ጉዕዞ ወፃኢ (Foreign Trips) እዮም፡፡

## 5.1 ምጥያሽ ወኪል ቢሮ ኣብ ወፃኢ (Establishing Representative Office Abroad)

ክልላት/ፌዴሬሽናት/ግዝኣታት ኣብ ወፃኢ ወኪል ቤት ፅህፈት ምጥያሽ ዝደልያሉ ምክንያት እቲ ማእኸላይ መንግስቲ ጥቕመን ዘሳኽዕ ስራሕ ኣይሰርሓልናል ኢላን እንትሓስባ ወይ ድማ ናይተን ክልላት ውክልና ምኽፉት ኣድላይ ኣብ ዝኾነሉ ኣብ ሕገ-መንግስቲ ዝርከብ ኾይኑ ኣብ ጉዳያት ወፃኢ ንምስታፍን ንዝምድናታት ወፃኢ ድሌተን ዘሳኽዓሉ መስርሕ እዩ፡፡

በዚ መሰረት ድማ ኣብ ካናዳ፣ቤልጀም፣ስፔይንን ሩስያን ዝርከባ ግዝኣታት ኣብ ወፃኢ ቢሮ ክኸፍታ ዘኽእለን ሕገ-መንግስታዊ ስልጣን ኣለወን እዩ፡፡ ሕገ-መንግስቲ ኢትዮጵያ ድማ ነዚ ዝፈቅድ ኣይኮንን ሙሉእ ስልጣን ንፌዴራል መንግስቲ እዩ ተዋሂቡ፡፡ ስለዝኾነ 'ውን ሓዚ ትግራይ ኣትያተሉ ዘላ ኩናት ድማ እቲ ንጥቕሚ ትግራይ ዝጎድእ ምንቅስቓስ ኣብ ዝግበረሉ ጊዜ ድማ ኣብ ክልታዊ ይኹን ባዓል ብዙሕ ወገን ዝግበር ርክባት ንትግራይ ንምጥቓዕ ብምዃኑ መንግስቲ ትግራይ ኣብ ቓልሲ ህዝቢ ትግራይ  ኣወንታዊ ኣመለኻኽታ ዘለወን ሃገራት ክልታዊ ርክብ ንምፍፃም ዘኽእል ውክልና ምኽፋት ከምዘድልን ብተመሳሰሳሊ ድማ ኣብ በዓል ብዙሕ ወገን ርክባት እውን ወኪላት ምቕማጥ የድልዮ እዩ፡፡

## 5.2 ምፍርራም ዓለም ለኸ ውዕላት (Signing of International Treaties)

ክልላት/ፌዴሬሽናት/ግዝኣታት ናይ ወፃኢ ርክበን ንምድንፋዕ ከም መሳረሒ ገይረን ዝጥቀማሉ ድማ ምፍርራም ዓለም ለኸ ውዕላት እዩ፡፡ እዚኦም ዓይነት ውዕላት ምፍርራም ከም መሳረሒ ርክብ ወፃኢ ንግዝኣታት ምሃብ ብጣዕሚ ውሱን ዋላ እንተኾነ ሓደ ሓደ ሃገራት ኣብቲ ሕገ-መንግስተን ሕጋዊ ስልጣን ይወሃበን እዩ፡፡ ንኣብነት ኣብ ካናዳ፣ ስዊዘርላንድ፣ ቤልጂም፣ ጀርመንን ሩስያን ዝርከባ ግዝኣታት ምፍርራም ዝዘኣቲ ዓለም ለኸ ውዕላት (Binding international treaties) ከምዝኽእላን ነዚ ንምግባር ድማ ናይ ማእኸላይ መንግስቲ ፍቓድኻነት/ስምምዕ ኣይሓታን፡፡ ክልላት/ፌዴሬሽናት/ግዝኣታት ምፍርራም ዓለም ለኸ ውዕላት ከም መሳረሒ ግዳማዊ ርክብ ዝጥቀማሉ ኣብ ቐፃሊ ኣብ ዝህልወን ፖለቲካዊ ውሳነ ካብ ካልኦት ኣፍልጦ (recognition) ንምርካብ እዩ፡፡

በዚ መሰረት ድማ ሕገ-መንግስቲ ኢትዮጵያ ነዚ ስልጣን ንክልላት ኣይህብን፡፡ ይኹን እምበር ህዝቢ ትግራይ ካብዚ ሓዚ ሒዝናዮ ዘለና ቃልሲ ኣንፃር እቲ መፃኢ ዕድል ትግራይ ኣብ ሃለዋት ህዝባ ዝድረት ስለዘኾነ ነዚ ደጋፊ ዝኾኑ ዓለም ለኸ ውዕላት ፈሊኻ ምፍራም ዝከኣለሉ ጥጡሕ ባይታ ምፍጣር ኣድላዪ እዩ፡፡

## 5.3 ምፍርራም ገዛእቲ ዘይኾኑ ናይ ትሕብብር ስምምዓት (Signing of Non-binding Cooperation Agreement)

ክልላት/ፌዴሬሽናት/ግዝኣታት ናይ ወፃኢ ርክበን ንምድንፋዕ ከም መሳረሒ ገይረን ዝጥቀማሉ ድማ ምፍርራም ዓለም ለኸ ገዛእቲ ዘይኾኑ ስምምዕ ትሕብብር እዩ፡፡ እዚ ዝኾነሉ ድማ ክልላት/ፌዴሬሽናት/ግዝኣታት/ ናይ ወፃኢ ርክብ ንምግባር በቲ ሕገ-መንግስቲ ዝተውሃበን ስልጣን ውሱን ብምኻኑን ብማእኸላይ መንግስቲ ዝምራሕ ብምዃኑ እዩ፡፡ ስለዝኾነ ድማ እተን ግዝኣታት ትሕብብር ምስ ዝገብረኦ ግዝኣታት ወይ ድማ ሃገራት ምፍራም ዝኽእላ ገዛእቲ ዘይኾኑ ናይ ትሕብብር ስምምዓት ዝብሃሉ ከም ናይ መረዳደኢ ስምምዕነት (Memorandum of Understanding)ን ቴክኒካል ስምምዕነት (Technical agreement) እዮም። ብተወሳኺ ድማ ሓደ ሓደ ሃገራት ግዝኣታትን ናይ ትሕብብር ስምምዕነት ንኽገብራ ድማ ኣብ ዘርፍታት ንግዲ፣ ኢንቨስትመንት፣ ሳይንስ፣ ኣየር ንብረት፣ ባህልን ሰብኣዊ ረድኤት ይፈቕዳለን እየን፡፡

ስለ ዝኾን ድማ ትግራይ ብዘርፊ ቴክኒካል፣ ንግዲ፣ ኢንቨስትመንት፣ ለውጢ ንብረት ኣየር፣ ባህሊን ትምህርትን፣ ሰብኣዊ ረድኤት ትሕብብር ስምምዕነት ምግባር ኣድላዪ እዩ፡፡ በዚ መሰረት ድማ መንግስታዊን ዘይመንግስታውን ትካላት ትግራይ ማለት ኣብ ማሕበራዊ ጉዳያት (ትምህረቲ፣ ጥዕና ፣ግብርና ወዘተ) ዝነጥፉ ምስ ኩሎም ኣብዚ ዘርፊ ዝሕግዙ ክልላውን ዓለም ለኻዊ ትካላትን ስምምዕ ምግባር ብተወሳኺ እውን ዘይመንግስታዊ ዝኾና ናይ ልምዓትን ረድኤትን ዝሳተፉ ከም እኒ ሲቪክ ማህበራት ትግራይ እቲ ዝነበረን ምሕዝነት ምጥንኻርን ዘኽእሉ ስምምዕነታት ምፍርራም ኣድላዪ እዩ፡፡

## 5.4 ምስታፍን ምሕዝነት ምፍጣርን ምስ ዓለም ለኸ ትካላት (Participation and Partnership with International Organization)

ክልላት/ፌዴሬሽናት/ግዝኣታት ናይ ወፃኢ ርክበን ንምድንፋዕ ከም መሳረሒ ገይረን ዝጥቀማሉ ድማ ምስታፍን ምህዝነት ምስ ክልላውን ዓለም ለኻዊ ትካላት እዩ፡፡ እዚ ምስታፍን ምሕዝነትን ድማ ምስ ከም እኒ ሕቡራት ሃገራት ናይ ማህበራዊ ዘርፊ ኤጀንሲታት፣ ምስ ባንኪ ዓለምን (World Bank) ምስ ትካል ገንዘብ ዓለም (International Monetary Fund) ንቀፃሊ ዘለዎን ድሌት ምችው ኩነታት መፍጠሪ ገይረን ይወስደኦ እየን፡፡ እዚ ከይዲ ድማ እተን ግዝኣታት ኣብ ዓለም ለኸ ርክብ ፈተውቲ ኣብ ምፍራይን ትሕብብር ኣብ ምግባርን ዘኽእለን ምችዉ ኩነታት ምፍጣረንን ከም ዓለም ለኸ ተዋሰእቲ ገይርኻ ምውሳድ ተኻኢሉ እዩ፡፡

ስለ ዝኾነ ድማ ትግራይ ምስ እዚኦም ዓይነታት ትካላት ትሕብብር ዋላ ዝፀንሐ እንተኾነ ሓዚ ድማ ነቲ ገጢሙና ዘሎ ፀገም ንምቕራፍ ምሕዝነትን ምፍጣርን ምስታፍን ኣድላዪ ኾይኑ ኣብ ሕውየት ትግራይ ቀንዲ ተዋሰእትን ደገፍትን ምግባር ዘኽእል ስትራቴጂ ይሓትት እዩ፡፡

## 5.5 ምስታፍ ክልላት፣ ፌዴሬሽናት ወይ ድማ ግዝኣታት ኣብ ዶብ ሰግር ኔትውርክታት (Participation in Transnational Networks SNGs)

ክልላት/ፌዴሬሽናት/ግዝኣታት ናይ ወፃኢ ርክበን ንምድንፋዕ ከም መሳረሒ ገይረን ዝጥቀማሉ ድማ ምስታፍ ኣብ ኔትወርክ ምስ ዶብ ሰገር ግዝኣታት ዝርከቡ መንግስታት ትካላትን ኔትዎርክታትን እዩ፡፡

ኣብ ከምዚ ዘኣመሰሉ ኔትዎርክታት ምስታፍ ድማ ንቐፃሊ ኣብ ፖለቲካዊ፣ ኢኮኖሚያዊን ማሕባረዊን ጉዳያት ዝርከቡ ውዳባታት ኣባል ብምዃን ትሕብብር ምግባር፡፡ ትግራይ ድማ ንቐፃሊ ኣብ ዳግመ ግረባ ኣመልኪቱ ዝሰርሑ '*Weforest Making Earth Cooler'* ዝኣመሳሰሉ ከመኡ ውን ኣብ ፎሮም ክልላት ዝኾነ 'World Regions Forum' ርክብ ኣብ ብዓል ብዙሕ ወገን ርክባት ምግባር ኣድላዪ እዩ፡፡

## 5.6 ጉዕዞ ውፃኢ (Foreign Trips)

ክልላት/ፌዴሬሽናት/ግዝኣታት ናይ ወፃኢ ርክበን ንምድንፋዕ ከም መሳረሒ ገይረን ዝጥቀማሉ ድማ ብመራሕቲ ወይ ድማ ሰበስልጣን ዝግበር ናይ ወፃኢ ጉዕዞ ንምጥንኻር ንግድን ኢንቨስትመንትን እዩ፡፡ እዚ መሳርሒ ግዳማዊ ርክብ ግዝኣት ድማ ንህዘቢ ግልፂ ኾይኑ ዝርአ እቲ ግዝኣቶም ኣብ ዓለም ለኸ መድረኽ ትሳተፍ ከምዘላ ዕላዊ ዝገብር እዩ፡፡ እዚ ጉዕዞ መራሕትን ሰበስልጣናት ድማ ምስ ወፃእተኛታትን ምስ ደገፍቲ መንግስታት ከምኡ 'ውን ቴክኒካላዊ ትሕብበር ዝገብሩ ኤጀንሲታት ዝግበር ምጥንኻርን ጥጡሕ ባይታ ንመፍጣርን እዩ፡፡ እዚ ጉዕዞ ወፃኢ ድማ ካብ ግዝኣት ናብ ካልኦት ዝኸድሉ ጥራሕ እንተይኾነ እተን ምሕዝነት ዝደለያ ግዝኣታት/ሃገራት መራሕተን ወይ ድማ ሰበስላጣነን ናብ ውሽጢ ግዝኣተን ዑደት ከካይዳ ዕድመ ምግባር ዘካተተ እዩ፡፡ ሓደ ሓደ ግዝኣት ምስ ማእኸላይ መንግስቲ ዘለወን ርክብ ዝሓርፈፈ ኣብ ዝኾነሉ ሃገር ናይ ምኺን ድሌት ኣብ ዝህልወን ድማ ንኣፍልጦ (Recognition) ጥጡሕ ባይታ ንምምችቻው ምእንታን ብደገፍቲ ዓድታት መራሕቲ ዑደት ክግብሩ ዕድመ ይገብራ እየን፡፡ እዚ ማለት ድማ ኣብ ከምዚ ዓይነት ምንቅስቓስ ዝገብራ ግዝኣት ብሰለስተን ካበኡ ንላዕሊ መራሕቲ እተን ደግፍቲ ሃገራት ናብ ግዝኣተም ዑድት ተገይሮም ነታ ግዝኣት እትገብር ፖለቲካዊ ውሳነ ኣፍልጦ ማለት እውን ሃገር ናይ ምኺን ድሌታ ኣፍልጦ ደርጋ ምሃብ ተገይሩ ከምዝውሰድ እዩ፡፡

ሰለዝኾነ ድማ ትግራይ እትገብሮ ምንቅስቓስ ቕድሚ ፖለቲካዊ ዕልባት ምርካቡ ካብ ክልልና ናብ ፈተውቲ ሃገራት ካብ ፈተውቲ ሃገራት ናብ ትግራይ ዝግበር ናይ መራሕትን ኮን ሰበስልጣንናት ብኣግባብ ትርጉም ተዋሂብዎ ንፖለቲካዊ ድሌትናን ውሳነና ሓጋዛይ ከምዝኸውን ምግባር ኣድላዪ እዩ፡፡

## 6. መጠቓለሊ

ኣብ መንጎ ማእኸላይ መንግስትን ክልል ትግራይን ዘሎ ፖለቲካዊ ፍሕፍሕ ፖለቲካዊ መፍትሒ እተተገበረሉ ዋላ ምስ ዓለም ለኸ ጉዳያት ኣመልኪቱ ዝግበር ርክብ ወፃኢ ጥቕሚ ትግራይ ዝጎድእ እምበር ደጋፊ ኣተሓሳስባ ክምፅእ ዝኽእለሉ ባይታ ኣይህሉን፡፡ ስለ ዝኾነ ድማ ትግራይ ገጢሙዋ ዘሎ ፀገም ንመፍታሕ ምስ ዓለም ለኸ ትካላትን ሃገራትን ብምርኻብን እቲ ኣብ ህዝቢ በፂሑ ዘሎ ዘየቛረፀ ዘርኢ ምፅናት ኩናት ፍታሕ ክሳብ ዝረክብ ቃልሲ ኣድላዪ ዋላ እንተኾነ ዕልባት ኣብ ዝርከበሉ ጊዜ ሒዝዎ ዝመፅእ ናይ ህዝብና ድሌት ኣብ ግምት ዘእተወ ግዳማዊ ርክብ ወፃኢ ምግበር ኣድላዪ እዩ፡፡ በዚ መሰረት ድማ ኣብ ዝስዕቡ ነጥብታት ትኹረት ተገይሩ ተዘስራሕ ፡-

- ኣብ ተጋሩን ኣብ ትግራይ ዝርከቡ ብሄረሰባት ዝበፅሐ ናይ ዘርኢ ምፅናት ኩናትን ዘስዐቦ ጉድኣትን ተነፂሩ ብመረዳእታ ብምጥንኻር ኣብ ዓለምና ከምዚ ዓይነት ጉድኣት ምስ ዝበፅሖም ካልኦት ህዝብታት ንዓለም ዘፋልጠሉ ተመኩሮ መሰረት ተገይሩ መርትዖ ምድላውን፤ ኣብ ዘርኢ ምፅናት ኣድሂቦም እዚ ተግባር ኣብ ወዲ ሰብ ከይድገም ዝሰርሑ ትካላት/ውዳበታት ርክብ ምምስራትን ሓቢርኻ ምስራሕን ኣድላዪ እዩ፡፡

- ድሕሪ ምዝዛም እዚ ኩናት ሒዝዎ ዝመፅእ ፖለቲካዊ ድሌት ህዝብና ኣብ ግምት ዘእተወ ፖለቲካዊ ዕልባት (Political End ) እንታይ ምዃኑ ብንፁር ፖለቲካዊ ውድባት ትግራይ ክፍለጥ ይግባእ፡፡ እዚ ማለት እወን ኣብ ትግራይ ዘለዋ ፓርቲታት ናይ ስግግር መንግስቲ ብሃገር ደረጃ ይዘጋጅ ዝብል ቅድመ ኩነት የቐምጣ ነይረን እየን ሓዚ ውን ሕቶ ይቕፅላሉ ኣለዋ፡፡ እንታይ ሒዘን ኸቐርባ እየን ደልየን ዝፍለጥ ነገር የለን፡፡ ሓዚ ህዝቢ ትግራይ በፂሕዎ ዘሎ ፀገም ፖለቲካ ተረዲእኻ ክህሉ ዝግባእ ኣማራፂ ቅድሚ ኩነታት ምስ ዝነበረ ድሌት ዘይራኸብ ስለዘኾነ ፖለቲካዊ ማኒፌስቶአን ዕላዊ ብምግበር ኣብ ስግግር መንግስቲ ሒዘን ክቐርባ ኣለወን እቲ ሒዘንኦ ዝምፃ ኣፈላላይ ፖለቲካ ድማ ብህዝበ ውሳነ ክፍታሕ ይግባእ፡፡ ነቲ ፖለቲካዊ ዕልባት ድማ ፈተውቲ ሃገራትን ብምፍራይ እቲ ከይዲ ደጋፋይ ኣተሓሳስባ ከማዕብላ ምግባር፡፡
- ድሕሪ ፖለቲካዊ ዕልባት እዚ ኩነታት ትግራይ በፂሓዋ ዘሎ ኢኮኖሚያዊ ቅልውላው ናብ ንውር ንምምላስን እቲ በፂሑ ዘሎ ስነልቦናዊ ጉድኣት ንምፅጋን ኢሉ ድማ ትግራይ መሊሰኻ ንምህናፅ ኣብ ዝግበር ምንቅስቓስ ምስ ዓለም ለኸ ትካላትን ሃገራትን ስጡም ርክብ ብምምስራት ዕቱብ ስራሕቲ ምስራሕ ድጋፍ ዝርከበሉ መስረሕ ብምዝርጋሕ ርክብና ምጥንኻር፡፡
- ትግራይ መበቆል ስልጣነን ወናኒት ብዙሕ ባህልን ታሪክን ምኧና ዝፍለጥ ኮይኑ እዚ ሓዚ ኣጋጢሙና ዘሎ ወራር ኣብ ቅርስና ጉድኣት ኣብፂሑ እዩ፡፡ እዚ ድማ ኣካል ምፅናት ህዝቢ ትግራይ ኮይኑ ታሪኩ እውን ከይህሉ ንምግባር ተሓሲቡ ዝተገበረ እዩ፡፡ እዚ በፂሑ ዘሎ ጉድኣት ምሰ ዝምልከቶም ዓለም ለኸ ውዳበታት ብፅንዓት ዝተደገፈ መርትዖ ብምቅራብ ክህነፁ ምግባር ብዋናነት ድማ ኣብ UNESCO ብቅርስነት ዝተመዝገቡ ዝበፅሖም ጉድኣት ምርዳእን ንቐፃሊ ድማ ምስ ከምዞም ዝበሉ ውዳበታት ርክብና ምጥንኻር ክስርሑሉን ታሪክን ቅርስን ህዝቢ ትግራይ በዓለም ተፈላጥነቱ ንምግባር ቀፃልነት ዘለዎ ስራሕ ምስራሕ የድሊ፡፡
- እዚ ኣብ ላዕሊ ዝተጠቐሱ ሓሳባት ተግባራዊ ኣብ ምግባር ዝስርሑ ስራሕቲ ትግራይ ምስ ኢትዮጵያ ብኮንፌደሬሽን ወይም ዓርሳ ዝከኣለት ሃገር ወይ ድማ እቲ ዝመፅእ ፖለቲካዊ ውፅኢት መሰረት ንቐፃሊ ርክብ ምስ ዓለም ለኸ ማህበረሰብ መስርሕ እንትዝርግሐሉ እዩ፡፡ ህዝቢ ትግራይ ሃለዋተይ ንምርግጋፅ ዝኽእለሉ ውሑስቲ ዓዲ ብምፍጣር ናይ መወዳእታን ዘላቕን ረብሓይ ከረጋግፅ እየ እንተይሉ ድማ ንኣፍልጦ(Recognition) ፖለቲካዊ ድጋፍ ክህባ ዝኽእላ ሃገራት ምፍላይን ቐፃልነት ዘለዎ ርክብ ምግባር ኣድላዪ እዩ፡፡